ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ

سفارة دولة ارتريا

EMBASSY OF THE STATE OF ERITREA
STOCKHOLM, SWEDEN

ዕለት 16.09.2020
መ.ቁ. SW/066/20

## ሓበሬታ ንኹሎም ኤርትራውያን ነበርቲ ስካንዲናቭያ

ኣርእስቲ 1. ብኮቪድ19 ናብ ኤርትራ ምምላስ ስኢኖም ዝጸንሑ ዜጋታት
2. ሬሳ ናብ ኤርትራ ምልኣኽ

1, ሕጋውያን ነበርቲ ኤርትራ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ኣብ ሃገራት ስካንዲናቭያ ገይሾም ዝጸንሑ፡ ማለት ብጥዕና ምኽንያት ሕክምናዊ ኣገልግሎት ንምርካብ ወጺኦም ዝጸንሑ፡ ብውልቃውን ማሕበራውን ጉዳያት ወጺኦም ዝጸንሑን ዜጋታት፡ ናብ ሃገር ክምለሱ ምቕርራባት ክግበር ምእንታን ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ሃገራት ስካንዲናቭያ ምዝገባ ጀሚሩ ኣሎ።

ብዝተፈላለየ ኣካላት መንግስትን ህ.ግ.ደ.ፍን ብማህደረ ትምህርትን ዝወጹ'ሞ ዝምለሱ ዜጋታት፡ ምምዝጋብ ኣየድልዮምን እዮም። ናይ ምምላስ ጠለባቶም ምስ ቆንስላዊ ጉዳያት ብቐዳሕ ፓስፖርት ምልኣኽ ጥራይ ክውዳእ ይክኣል እዩ።

ኩሎም ተመለስቲ ናይ ምምላስ ተኽእሎታት ብቐዳምነታት ተሰሪዑ መእተዊ ፍቓድ ካብ ኤርትራ ክልኣኽ እዩ። ብዘይካ እቶም ብመንግስታውን ውድባውን ስራሕ ወጺኦም ዝጸንሑ፡ ኩሉ ተመላሳይ፡ ወጻኢታት ናይ መምለሲ ቲኬትን ክልተ ሰሙን መወሸቢ ኣብ ሆቴልን፡ ተመለስቲ ባዕሎም ክሸፍንዎ ምኧኖም ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ።

ንተመለስቲ መመዝገቢ ቅጥዒ https://hagger.wufoo.com/forms/w1rgw4bq05kpj1d/

2. ብተወሳኺ፡ ሬሳ ናብ ኤርትራ ክኣቱ ተፈቒዱ ከምዘሎ እናፍለጥና፡ ናይ መጓዓዓዚን ካልእን ወጻኢታት ዝለኣኽ ሬሳ፡ ብሰደድቱ ዝሽፈን ከም ዝኾነ ርዱእ ኮይኑ፡ ዝኾነ ሰብ ሬሳ ኣሰንዩ ክመጽእ ፍቑድ ኣይኮነን። ከም ልሙድ፡ ሬሳ ቅድሚ ምልኣኹ፡ ናይ ሞት ሰርቲፊኬትን፡ ካበይን ብኸመይን ኣገባብ ክልኣኽ ምኳኑ ናብ ቆንስላዊ ጉዳያት ተሰዲዱ፡ ምስተፈቕደ ጥራይ እቲ ሬሳ ክልኣኽ ኣለዎ።

ዓወት ንሓፋሽ!

ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ
ስቶክሆልም

Stjärnvägen 2B, 4th floor • P.O. Box 1164, SE-181 23 Lidingö, Sweden
Tel. +46 (0)8 441 71 70 • Fax +46 (0)8 446 73 40 • E-mail: info@eritrean-embassy.se • www.eritrean-embassy.se